ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ الوحدة الارترية للتغيير الديمقراطي

**Eritrean Unity for Democratic Change**

# <u>ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ዘተሓሳስብ ኩነታት ብዝምልከት ብፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤስደለ ዝወጸ መግለጺ</u>

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢይ ኣሕመድ ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ጀሚሩ በብእዋኑ እናሻሕከረ ክመጽእ ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ኩነታት ኢትዮጵያ፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ሕዳር ናብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ክሳብ ኣብ ብረታዊ ጎንጺ ተበጺሑ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ ውድብ ኤስደለ ከም ፈታዊ ህዝቢ ኢትዮጵያ መጠን ዝተሰመዓና ዓሚቕ ሓዘን እናገለጽና ከም ደለይቲ ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ከኣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ነንሕድሕዱ ብሓውን ዓረርን ክጣፋእ ረብሓ የብልናን እሞ ፖለቲካዊ ፍልልያቶም ብሰላማዊ መንገዲ ክፈትሑ ምሕጽንታና ነቕርብ።

እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ኲናት ሕድሕድ ብቐንዱ ንኢትዮጵያውያን ዝምልከት ሕማቕ ኣጋጣሚ እኳ እንተኾነ፡ ናይቲ ብዘይካ ኣብ ህውከት ኣብ ሰላም ክነብር ዘይክእል ርእሰ ፋሺሽቲ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ግሉጽ ኢድ ኣእታውነት እውን እናሓዘንና ንርኢ ኣለና። ብክፋእን ቅርሕንትን ዝተላዕጠጠ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ‘ጸወታ ተወዲኡ” (***<u>Game Over!”)</u>*** ዝብል ሕልሙ ህያው ክገብር ኣብ ልዕሊ ልዑላዊት ኢትዮጵያን ብሔራታን ኢድ እናኣእተወ ሓዊ ወሊዑ ኣሎ። በዚ እኩይ ውዲት ስርዓት ህግደፍ ህዝቢ ኤርትራ ተገዲዱ ናብ ኲናት ዝኣትወሉ ኣጋጣሚ እውን ዕጹው ኣይመስልን እሞ ብዓንተብኡ ንሙሉእ ህዝቢ ኤርትራ እዚ ዝስዕብ ህጹጽ መልእኽቲ ከነመሓላልፍ ንደሊ ።

ዝኸበርካ ኣብ ውሽጥን ወጻእን እትርከብ ህዝቢ ኤርትራ! ናይ’ዚ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝርአ ዘሎ ኲናት ቀንዲ መሳወሪ እቲ ንሰላሳ ዓመታት ድኽትካ ዘስተየካ ባዕሉ ስልጣን ዝተቖጻጸረ ፋሺሽቲ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ስለ ዝኾነ ሕጂውን ኣብ ዘይምልከተካ ኲናት ከእትወካ እቶም ዝርካቦም ኣብ ውሽጢ ዓዲ ተሪፎም ዘለዉ መንእሰያት ክገፍፍ ከምዝቐነየ ተዓዚብና ኣለና። ንሕና ኤርትራውያን ዘዝዓኾኸ ኣብ ድፋዓት ብጥይት ክምንጠል ዝተፈረድና ኣይኮንናን። እቲ ጽቡቕናን ክብረትናን ዘይወሓጠሉ ዘራጊቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ስራሕ ደው ከም ዝብል እንተዘይጌርና ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ጎረባብትና ሰላም ዝበሃል ነገር ክመጽእ ይኽእል እዩ ኢልና ኣይንርእን። ሓይልታት ምክልካል ሃገርና ኤርትራ ብረትካ ኣንጻር እቲ ወግሐ

ጸብሐ ኣብ ኲናት እናደቐደቐ ብሩህ መጻኢ ዕድል ከይህልወካ ዝገብር ሰሎ ሰርዓት ህግደፍ ኣቐንዓዮ። ኣብ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ታሪኻዊ ተራኻ ተጻወት። ኢሰያስ ኣፈወርቅን መጋብርቲ እከዩን ደመኛታት ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ እዮም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብዪ ኣሕመድ ምስ'ዚ ደመኛ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ፋሺሽታዊ መራሒ ግሉጽ ዘይኮነ ውዕላት እናኣተወ ንሉዑላውነት ኤርትራን ህዝባን ዝፈታትን ተርእዮታትን በጩቐታታትን ንርኢ ኣሎና። ምስ ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ዝረገጸን መባእታዊ ሰብኣዊ መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ዝገሃሰን ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝግበር ስምምዓት ንረብሓ ኤርትራን ህዝባን ክኸውን ከምዘይክእል እምነትና እዩ። ሎሚ ንስርዓት ህግደፍ ዝድግፍ ኣካል ስቓይን መከራን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምንዋሕ ዓቢ ተራ ስለ ዝህልዎ ኣብ መስርዕ ጸላኢ ዝስራዕ ምዃኑ ዘማትእ ኣይኮነን። እዚ ንሰምዖን ንሪኦን ዘለና እናጎልሐ ዝኸይድ ዘሎ ምልክታት እውን ልዑላውነትና ንሓደጋ ዘሳጥሕ ምዃኑ እዩ። ሕጂ ኣብዚ ዉዑይ ኩነታት ድማ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ኣብ ጎድኒ ፈደራላዊ መንግስቲ ኮይኑ ጸረ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡን ደው ምባሉ ኣትሪርና ንኹንኖ ጉዳይ እዩ።

ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡን ኣብ ልዑላውነት ህዝቢ ኤርትራ ንሓደ መዓልቲ እውን ተወላዊሎም ኣይፈልጡን። ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት ህዝቢ ኤርትራ ዝኸፈልዎ መስዋእቲ እውን ኣብ ታሪኽ ህያው ኮይኑ ክነብር እዩ። ንሕና'ውን ህዝቢ ትግራይ ብደሙን ኣዕጽምቱን ዘረጋገጾ ብሔራዊ መሰሉ ክኽበረሉ ኣብ ዝገብሮ ህዝባዊ ቃልሲ ኣብ ጎድኑ ምህላውና ከነረጋግጽ ንደሊ። ብሓፈሻኡ ከኣ ህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ኲናትን መከራን ሓለፉ ዝኸፈለ ስለ ዝኾነ ደጊም ውግእን ወረ ውግእን ይኣክል። ፍልልያትና ክንፈትሕ እውን እንተዘይከኣልና ብሰላማዊ መንገዲ ንምምሕዳሩ ልቦና ከነጥሪ ይግባእ ንብል።

ኲናትን ህልቂትን ይኣክል

ሰላምን ርግኣትን ንውጹዓት ህዝብታት

ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና

ፈጻሚ ቤት ጽሕፍት ኤስደለ - 7 ሕዳር 2020